
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.50 | ሰሉስ 29 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ልዑል ዓቐን ስብሒ ኣብ ደም
...




ገጽ 3
ባህሊ ምጽሓፍ ኣብ መስርሕ ምጽሓፍቲ'ዩ ዝምዕብል



ገጽ 4
መምህር እንታይ እዩ ዝምህር?



ገጽ 5
ንብሉጻት ተመሃሮ ምትብባዕ፡ ኣብነት ንኻልኦት!

ገጽ 7
ኣሰቤኮ፡ ጸብለል ኢሉ



## ሃበሮ፡ ን177 ዜጋታት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ካብ 16 ክሳብ 22 ጥቅምቲ ናይ ሓበላን ካልእ ጸገማት ዓይኒን ንዘጋንሖም 177 ዜጋታት፡ ዕዉት መጥባሕቲ ተኻይዱ፡፡

እዚ ብምትሕብባር ክኢላታት ሕክምና ዓይኒ ሆስፒታል ከረንን ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ኣስመራን ኣብ ዓራታይ ዝተኻየደ ወፍሪ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ሆስፒታል ከረን ክመጽኡ ዝይክእሉ፡ ኣብ ቦታኦም ብምኻድ ፍወሳን መጥባሕትን ንምግባር ዝዓለመ መደብ ምዃኑ፡ ሓላፊ ክፍሊ ሕክምና ዓይኒ ሆስፒታል ከረን ኣቶ ካሕሳይ ስዩም ገሊጹ፡፡

ኑቲ ወፍሪ ንምስልሳል፡ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዳህሳስ ከምእተኻየደ፡ ብኡ መሰረት ድማ እቶም ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮም ተለልዮም፡ ናብ ማእከል ጥዕና ዓራታይ ክመጽኡ ከምእተገብረ፡ ኣቶ ካሕሳይ ወሲኹ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ'ቲ ወፍሪ ዝተሳተፉ ክኢላታት ብወገኖም፡ ሓበላ ዓይኒ ኣብ እዋኑ ምስ ዘይእለ ጠንቂ ዑረት ክኸውን ስለዝኽእል፡ ሕብረተሰብ ብክኢላታት ሕክምና ብዙተዋህቦ ምኽሪ ኣብ እዋኑ ብምምጻእ ኣገልግሎት ክረክብ ምኽኣሉ፡ መርኣያ እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓት ከምዝኾነ ሓቢሮም፡፡

ሓበላ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስርዕ ጠንቂ ዑረት ብምዃኑ፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራዱ ብኣድህቦ ክስራሓሉ ምጽንሑ ዝገለጹ፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ፕሮግራም ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ ሚካኤል ተኽላይ፡ ዓሚ ናብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ብምኻድ ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ተዋሂቡ ምንባሩን ናብ'ተን ካልኦት ንኡስ ዞባታት ከምዝቕጽልን ኣብሪሁ፡፡

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ወፍሪ ኣብ ማእከል ዓዶም ብምኽያዱ፡ ካብ ሃልኪ ጉልበትን ገንዘብን ከምዝገላገሉም ብምግላጽ፡ ንዝረኸብዎ ኣገልግሎት ኣማስጊኖም፡፡

ኣቐድም ኣብሉ'ውን ካብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ዒላበርዕድ፡ ሓጋዝ፡ ገሉብን ኣስማጥን ንዝመጽኡ 252 ዜጋታት፡ ኣብ ሆስፒታል ከረን ተመሳሳሊ መጥባሕቲ ተኻይዱ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ፡፡



## ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ፍርያቱ ንምዕባይ ይሰርሕ

ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ፍርያቱ ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሃብተኣብ ጋሃድ ገሊጹ፡፡

ኣቶ ሃብተኣብ፡ ኣርባሕቲ ንህቢ ብዘመናዊ ኣገባብ ብቐዓቱ ዝተረጋገጸ መዓር ብምፍራይ ብርትዓዊ ዋጋ ናብ ህዝቢ ንምቕራብ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ንዝግበረሎም ምትብባዕ መጒሱ፡፡

ሚኒስትሪ ሕርሻ ዓቕሚ ማሕበርን ኣባላቱን ንምብራኽ፡ ንሓረስቶት ብውሽጣዊ ዓቕሙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክኢላታት ካብ ወጻኢ ብምምጻእ ስልጠናታት ከውድብ፡ ናውቲ ምርባሕ ንህቢ ብስሩዕ ዋጋ ንሓረስቶት ክዕድል፡ ከምኡ'ውን መመርመሪ ብቕዓት መዓር መሳርሒ ብምእታው ደገፍ ከገብር ምጽንሑ፡ እዚ ድማ ኣብ ንጥፈታቶም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ኣረዲኡ፡፡

ካብ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒ ኢንጂነር መሓሪ ገብረእየሱስ፡ ብትምህርቲ ናብ ሃንጋሪ ኣብ ዝኸደሉ፡ ካብ'ቲ ማሕበር ሒዝዎ ኣብ ዝኸደ መዓር ብዝተገብረ ናይ ብቕዓት መርመራ፡ ምስ ናይ 7 ሃገራት ብምውድዳር ዝበለጸ ኮይኑ ከምእተረኸበ ኣብሪሁ፡፡



## ዓሰብ - ኣብ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ስልጠና ተዋሂቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ኣብ ኩሉ ንኹሉ" ንምስማር ብዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከቡ ሞያውያን፡ ኣብ ምድላው ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕ መድሃኒትን ዘተኩረ ስልጠና ወሃቡ፡፡

እቲ ብጉብርን ክልሰ-ሓሳብን ን10 መዓልታት ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ቀመማዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብን እንስሳን ከምኡ'ውን ኣከባቢ ዘውርዶ ዘሎ ጉድኣት ብምንጻር፡ ምድላው ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕ መድሃኒትን ምስናይ ረብሓታቱ ዘጠቓልል'ዩ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቑሊ መንእሰይ መሓመድ ዓብዱልራሕማንን ሓላፊ ጨንፈር ቀረብ መኻዕቡቲ እቶት ኣቶ የሴፍ ተወልደን ብግደኦም፡ እቲ ዕላማ - ኣፍልጦ ክኢላታት ክዐብ ብምባል፡ ብቐረባ ክርከቡ ዝኽእሉ ጥረ-ነገራት ተጠቒሞም ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ብምድላው፡ ተጠቃምነት ቀመማዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ንምውጋድ ከምዝኾነ ገሊጾም፡፡

## ፎርቶ-ሳዋ - ኣስተምህሮ ንወነንቲ ትካላት

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ቱሪዝም፡ ብቕዓቱ ዝተሓለወ ጽፉፍ ኣገልግሎት ክህቡን መምርሒታት ኣታዊ ወሻጢ ሃገር ብግቡእ ኣማሊኦን ሕጋዊ ንግዳዊ ንጥፈት ክካይዱን ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ፡፡

ኣብ ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ጋሽ-ባርካ - ሓላፊ ጨንፈር መጽናዕትን ምክትታል ጸጋታትን ኣቶ ስምረት ገብረመድህን፡ ንቕሓት ወነንትን ሰራሕተኛታትን ዘዕብዩ ኣስተምህሮታት ብቐጻሊ ከምዝወሃቡ፡ እንተኾነ - ዛጊት ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ከምዘይተበጽሐ ብምጥቃስ፡ እቲ ምስ ቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ወሻጢ ሃገር ብምውህሃድ ዝተወደበ ኣስተምህሮኣዊ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ወሻጢ ሃገር ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ተኽሊት ገብረብርሃን ብወገኑ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት፡ ኻኒ ዘካይድኦ ብቕዓት ኣገልግሎት ናይ ምምሕያሽ ንጥፈት፡ ምስ ግብርን ካልእ ግቡኣትን ዝተሓሓዘ መምርሒታት ብግቡእ ከማልኡ ግዴታ ከምዘለወን ብምጥቃስ፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይ ፍላጥ ግቡኣት ዘይምትግባርን ግብሪ ኣብ እዋኑ ዘይምኽፋልን ንተደራራቢ ዕዳ ዘቃልዕ ብምዃኑ ክእረም ኣተሓሳሲቡ፡፡

ተሳታፍቲ ብግደኦም፡ እቲ ኣስተምህሮ ንዘጋንሖም ኣፍልጦ ዘዕቢ፡ ከምኡ'ውን መሰላቶምን ግቡኣቶምን ኣለልዮም ሕጋዊ ንግዳዊ ንጥፈት ክካይዱ ዝሕግዝ ብምዃኑ፡ ከድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም፡፡

ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ንጽጉማት ተመሃሮ ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ ገይሩ፡፡

ተጸዋዒ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ እድሪስ መሓመድ-ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ 100 ተመሃሮ ንዓመት ምሉእ ዘገልግሎም ናውቲ ትምርቲ ከምእተዓደሉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምቕላል ሽግር ስድራቤታትን ምትብባዕ ናይ'ቶም ተመሃሮን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣረዲኡ፡፡

## ጸሮና - ምርጫታት ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና - ምምሕዳራት ከባቢ ግንዘሮን ኀበለን፡ ምርጫታት ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻይዱ፡፡

እቲ ምርጫ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ስራሕ ንዝተኣልዩ ንምትካእ ዝዓለመ እዩ፡፡

ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሪጾም ዘለዉ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ዕላማን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ክሳብ ዓድታት ዝወርድ ምምሕዳራዊ ቅርጺ ብግቡእ ተገንዚቦም፡ ብቕንዕናን ተወፋይነትን ከገልግሉ ኣተሓሳሲቡ፡፡


ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ብወገኖም፡ ህዝቢ ዝሰከሞም ሓላፍነት ብግቡእ ንምትግባር ቃል ኣትዮም፡፡



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልዑል ዓቐን ስብሒ ኣብ ደም




ልዑል ዓቐን ስብሒ (ሊፒደስ) ኣብ ደም ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ሃይፐርሊፒደምያ' እዩ ዝበሃል። እዚ ንኮሌስትሮል ከምኡ'ውን (ትራይግለሰራይድ) የጠቓልል። እዚ ጸገም'ዚ ብዘውርሶ ክሓልፍ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ብኹነታት ኣነባብራናን ኣመጋግባናን እውን ክመጽእ ይኽእል እዩ። 'ሊፒደስ' እንታይ እዮም?

'ሊፒዴስ' ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ዓይነት ስብሒ እዩ። ኩሉም ዓይነት ስብሒ ጸዓት ናይ ምፍጣር ዓቕሞም ልዑል እዩ። ካብ ሓደ ግራም ስብሒ 9 ካሎሪ ክርከብ እንከሎ ካብ ሓደ ግራም ካርቦሃይድሬት ወይ ፕሮቲን ዝርከብ ካሎሪ ግን ካብ 4 ኣይሓልፍን እዩ።

ስብሓዊ መግቢታት ንሰብነትና ዝለዓለ ጸዓት እዮም ዝህቡዎ። መብዝሕትኦም እቶም ኣብ መግቢ ዝርከቡ ስብሒ 'ትራግሊየሰራይደ' (triglyceride) – ወሀደት ናይ ሰለስተ ስብሓዊ ኣሲድ ወይ ድማ 'ግሊየሰሮል' (glycerol) - ቅብኣዊ ኣልኮል ትሕዝዎ ዘለዎም እዮም።

'ትራግሊየሰራይደ' ኣብ ቀጢን መዓንጣ ምስ በጽሐ ናብ ዝተዓቐቐ ስብሓዊ ኣሲድ ይቕየር። ብቀጢን መዓንጣ ምስ ተመጺዩ ድማ ቫይታሚን 'ኤ'፡ 'ዲ'፡ 'ኢ' ከምኡ'ውን 'ኬይ' ንምኽዛን ይሕግዝ።

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት 'ሃይፐርሊፒደምያ' ልዑል ኮሌስትሮል እዩ።

ኮሌስትሮል ሰብነትና ብተፈጥሮ ዘፍርዮ ሰምዓዊ ሳብስታንስ እዩ። ኣብ ገለ መግብታት'ውን ይርከብ እዩ። ሰብነትና ሆርሞን ከፍርን መግቢ ክሕቅቕን ናይ ግድን ኮሌስትሮል የድልዮ።

ክልተ ዓይነት ኮሌስትሮል እዮም ዘለዉ።

- ልዑል ጻዕቂ ዘለዎ 'ሊፖፕሮቲን' (HDL)፦ እዚ ዓይነት፡ ነቶም ሓደገኛ ዓይነት ኮሌስትሮል ኣብ ምውጻእ/ ምምሓይ ስለ ዝሕግዝ 'ጽቡቕ/ ጠቓሚ ኮሌስትሮል' ተባሂሉ ይግለጽ።

- ትሑት ጻዕቂ ዘለዎ 'ሊፖፕሮቲን' (LDL)፦ እዚ ኣብ ሻምብቆታት ደም ተኣሊጉ ምጽግዑ ስለ ዝፈጥር፡ 'ሓደገኛ ዓይነት ኮሌስትሮል' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ።

ኩሉም ዓይነት ስብሒ ኣብ ሰብነትና ጥቕሚ ኣለዎም። ካብ ዓቐን ንላዕሊ ምስ ዝኸዱ ግና ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት እዮም ዘቃልዑና። ሓደ ካብኡ 'ሃይፐርሊፒደምያ' እዩ።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ብፍላይ ኣብተን ዝማዕበላ ሃገራት ልሙድ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብደረጃ ዓለም እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ ድማ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብ ኣመሪካ ልዕሊ 94 ሚልዮን ልዕሊ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ንሃይፐርሊፒደምያ' ዝተቓልዑ እዮም።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ክፍወስ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም'ኳ እንተኾነ፡ ሸለል ምስ እትብሎ ግና ጠንቂ ኣዝዮም ቀተልቲ ሕማማት እዩ ዝኾውን።

ሕማም 'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣማዕቢሉ ክንሱ ብኣግኡ ክፍወሶ ዘይክኣለ ግዳይ፡ ብሕማም ሻምብቆ ኣርተሪ ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ብዕጽፊ ዝዛየደ እዩ። እዚ ጸኒሑ ናብ መጥቃዕቲ ልቢ፡ ወቕዒን ናብ ካልኦት ሕማማት ልብን እዩ ዝምዕብል።

ጠንቅን ተኣፋፍኖትን ሃይፐርሊፒደምያ

'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣብ ሰብነትና ዘይተመጣጠነ ዓቐን ኮሌስትሮል ኣብ ደም ከም ዘሎ ዘመልክት ሕማም እዩ። ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን 'LDL' ኮሌስትሮል ሃልዩ፡ በንጻሩ ንዕኡ ንምእላይ ዝጠቅም ትሑት ዓቐን 'HDL' ኮሌስትሮል ምስ ዝህሉ 'ሃይፐርሊፒደምያ' ከጋጥመና ንበር እዩ።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣብ ክልተ ኣገደስቲ ክፍልታት ይምቀል - ስድራቤታውን ባዕልኻ ተምጽኦን። እቲ ስድራቤታዊ ዓይነት ብ'ጂን' ካብ ስድራኻ ትወርሶ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ብሰንኪ ጥዕና ዘይህቡ ኣካይዳ ምዝውታር፡ ብእትገብሮ ሕክምናዊ ፍወሳ፡ ኩነታት ኣነባብራ ወዘተ ክመጽኣካ ዝኽእል እዩ።

### ጠንቂ 'ሃይፐርሊፒደምያ' ዝኾኑ ኩነታት ኣነባብራ

ባዕልና ብእንዘውትሮ ኩነታት ኣነባብራ፡ ኣብ ሰብነትና ዘይተመጣጠነ ዓቐን ኮሌስትሮል ክህሉ ይገብር እዩ። ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን 'LDL' ኮሌስትሮል፡ በንጻሩ ትሑት ዓቐን 'HDL' ኮሌስትሮል ክህሉ ካብ ዝገብሩ ዓይነት ኣነባብራ፦

- ዘይተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡
- እኹል ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምክያድ፡
- ምትካኽ ሽጋራ፡ ወይ ምስ ሽጋራ ዘተኽኹ ብምቕራብ ልኡም ኣትካኺ ምዃን፡
- ምኽሳዕ ወይ ልዕሊ ንቡር ክብደት ምውናን፡
- ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምዃን እዮም።

ንሃይፐርሊፒደምያ' ዘቃልዑ ሕማማት

ገለ ዓይነት ሕማም ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል ንኽህሉ የቃልዑና እዮም።

- ሕማም ኩሊት፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ሕማም ጻላም ኩብዲ ወዘተ።

ንሃይፐርሊፒደምያ' ዘጋድዱ ዓይነት መድሃኒት

ኣብ ደምና ዝህሉ ኮሌስትሮል ብገለ ዓይነታት መድሃኒት ይጸሎ እዩ። ንመከላኸሊ ጥንሲ ተባሂሉ ዝውሰድ መድሃኒታት ከም ኣብነት ክጥቀስ ይኽእል።

ብስድራቤት ዝመጽእ 'ሃይፐርሊፒደምያ'

ብስድራቤት ዝመጽእ 'ሃይፐርሊፒደምያ'፡ እቲ ግዳይ ገና ኣብ ንእስ ዕድሚኡ እዩ ምልክታት ከርኢ ዝጀምር። እቲ ግዳይ ገና ኮተቴ እንከሎ እዛም ዝስዕቡ ምልክታት ከርኢ ንበር እዩ።

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡
- ወቕዒ ልቢ፡
- ቃንዛ ጭዋዳ ብፍላይ ብእግሪ ኣብ ምጉዓዝ፡
- ተደጋጋሚ ምቝሳል ኣብ ኣጻብዕቲ።

ምልክታት 'ሃይፐርሊፒደምያ'

'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣዝዩ ማዕቢሉ ጠንቂ ሕማማት ልብን ወቕዕን ክሳብ ዝኸውን፡ ምልክታቱ ብኣግኡ ክተሎልዮ ኣሸጋሪ እዩ። ቀጻሊ ሕክምናዊ መርመራታት ብምክያድ ኩነታት ጥዕናና ንክታተል እንተኾይና ግና በዚ ሕማም'ዚ ክንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ።

ኣብ ደምና ዝህሉ ዓቐን ኮሌስትሮል ንምፍላጥ ዝሕግዘ ዝቐለለ ሕክምናዊ ኣገባብ መርመራ ደም ምኽያድ እዩ።

ኣብ ደምና ዝህሉ ዓቐን ኮሌስትሮል ልዕሊ 240 ሚሊ ግራም ኣብ ደሲሊትር (mg/dL) እንተኾይኑ፡ ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል ኣለና ይበሃል። እቲ ዓቐን 200 ሚሊ ግራም ኣብ ደሲሊትር እንተኾይኑ ኣብ ተኣፋፊ ደረጃ ከም ዘለና እዩ ዘመልክት።

### ፍወሳ

ንጥዕና ልቢ ኣገደስቲ ዝኾኑ መግቢታት ምምጋብ ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ቀዳምነት ዝሰርሖን ፍወሳ 'ሃይፐርሊፒደምያ' እዩ። ኣብ ኣመጋግባ ግቡእ ኣደህቦ ምስ እንገብር፡ ኣብ ደምና ዝህሉ ዓቐን ኮሌስትሮል ምዕሩይ ክኸውን ይሕግዘና እዩ።

ጥዕና ኣብ ዘለዎ ዓይነት ስብሒ ምጉዳስ፦ ዝቐብበ ስብሒ (saturated fats) ካብ ምምጋብ ምቑጣብ። እዚ ዓይነት ስብሒ ኣብ ስጋ፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን ይርከብ። ልዕሊ ዓቐን ዝቐብበ ስብሒ ምውሳድ ንኮሌስትሮል፡ ጸቕጢ ደምን ሕማማት ልብን የቃልዕ። ኣብ ክንድኡ ካብ ሳልሞን ዓይነት ዓሳ፡ ካብ ዘይቲ ዕፉን፡ ዘይቲ ሰፍ፡ ዘይቲ ኣውሊዕ ወዘተ ዝርከብ ስብሒ ክንጥቀም ይከኣል።

ኣሲጋሪ ስብሒ (Trans fats) ካብ ምውሳድ'ውን ምቑጣብ፦ እዚ ዓይነት ስብሒ ኣብ ቁርሲ ኣብ ዝውሰዱ ከም ኬክ፡ ብሽኮቲን ዝተጠብሱ መግብታትን ይርከብ። ኣብ እንወስዶ ዕሹግ መግቢ 'ሃይድሮጀኔትድ' (hydrogenated) ዝብል ጽሑፍ ምስ እንረክብ ኣሲጋሪ ስብሒ ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ዓይነት ስብሒ ልክዕ ከም ዝቐብበ ስብሒ ኮሌስትሮልን ሕማማት ልብን የኸትል።

ብ'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ ስብሓዊ ኣሲድ ዝሃብተሙ መግቢታት ምምጋብ፦ እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ኣብ ዓሳ፡ ዘይቲ ሰምሰም፡ ኣብ ፋል ወዘተ ንረኽቦ።

ንወስዶ ጽሕጊ (fiber) ምውሳኽ፦ ኩሉም ዓይነት ጽሕጊ ንጥዕና ልቢ ኣገደስቲ እዮም።

### ንወስዶ መጠን ስብሒ ብኸመይ ንቆጻጸር?

ካብ ስብሒ ንረኽቦ ካሎሪ፡ ካብቲ ኣካላትና ዘድልዮ ካሎሪ ነቲ ትሕቲ 30 ሚእታዊት ጥራይ ዝሸፍን ክኸውን ኣለዎ። ልዕሊ'ዚ ዓቐን ካብ ስብሒ ካሎሪ ኣካላትና ምስ ዝረክብ ንጥዕናና ጉዳኢ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስለዚ፦

- መግቢታት ብቕብኣት/ ዘይቲ ቀሊኻ ካብ ክትምገቦም፡ ሰንኪትካ፡ ጠጢቕካ ወይ ኣብሲልካ ክትወስዶም ከም ዝምረጽ ኣስተብህል።

- ናይ ግድን ብዘይቲ ቀሊኻ ክትምገቦም ዘለካ ምስ ዝኸውን፡ ኣብቲ ንመቐለዊ እትጥቀመሉ ዘይቲ ቆላሕታ ክትገብር የድሊ። ዘይቲ ዶማ (palm oil) ዝኣመሰሉ ዝቐብበ ስብሒ ዘለዎም ዓይነት ዘይቲ ክትጥቀም ኣይግባእን።

- ነቲ ዝቐለኻዮ መግቢ ቅድሚ ናብ መኣዲ ምቕራብካ ነቲ ዘይቲ ከተንጠፍጥፎ ይግባእ።

- ነቲ ስጋ ቅድሚ ምቕላውካ ነቲ ዘለዎ ስብሒ ክትኣልዮ ይምረጽ።

- ዕሹግ መግቢ ትጥቀም እንተለኻ ኣብቲ መሸፈኒኡ ዝርከብ ትሕዝቶ ናይቲ መግቢ ብጥንቃቐ ከተንብቦን ልዑል ስብሒ ዘለዎ ምስ ዝኸውን ካብ ምምጋቡ ክትቑጠብን ይምረጽ።

- ብፍላይ ኣብ ግዜ ቁርሲ ልዑል ስብሒ ዘለዎም መግቢታት ካብ ምውሳድ ተቖጠብ። ዝተቐልወ ድንሽ፡ ኬክ፡ ቾኮላታ ወዘተ ዝኣመሰሉ መግቢታት ክትወስድ ኣይምከርን። ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ እቲ ዝበለጸ እዩ።

### ዓቐን ንወስዶ መጠን ስብሒ ብኸመይ ንልክዕ?

መዓልታዊ ካብ ስብሒ ናይ እትረኽቦ ዝለዓለ ዓቐን ካሎሪ ንምልካዕ፦

ነቲ መዓልታዊ ዝወሰድካዮ ካሎሪ ብ30 ሚእታዊት ኣርብሓዮ። ኣብ ሓደ ግራም ዝርከብ ካሎሪ ንምልካዕ ድማ ነቲ ወጽኢት ብ9 ምቐሎ።

ንኣብነት ሓደ 2,800 ካሎሪ ኣብ መዓልቲ ዝወስድ ንጡፍ መንእሰይ፡ ኣብ መዓልቲ ክወስዶ ናይ ዝግብኦ ዓቐን ስብሒ ብካሎሪ 840 ይኸውን (2800 x 30%)። ክወስዶ ናይ ዝግብኦ ዓቐን ካሎሪ ካብ ስብሒ ካብ 840 ክዛየድ የብሉን። እዚ ማለት ኣብ መዓልቲ ካብ 93 ግራም ንላዕሊ ስብሒ ክወስድ ኣይግባእን ማለት እዩ።

**ምንጪ፦ mayoclinic**

### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያወውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሰሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንታሪ ቻይና |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዓለም ሰ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ዶክመንታሪ ቻይና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዱዝሞም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሴላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# መምህር እንታይ እዩ ዝምህር?

ስምኦን ወልደሚካኤል

ትምህርቲ ንልቢ መንእሰያት ብፍቕሪ ፍልጠት፡ ሃገርን ህዝብን ከም ዝህነጽ እንተዘይገይሩ ፊደል ስለ ዘቑጸረን ቁጽሪ ስለ ዘቖመረን ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ተመሃሮ ዋጋ ነብሱን ዋጋ ናይቲ ንዕብየቶም ዝኸፈለሎም ዘሎ ዋጋን በብደረጃኦም ክፈልጡ ክንገብሮም ግድን ክንዕወተሉ ዘለና ዕማም ክኸውን ይግባእ። መምህር ነታ ክምህራ ዝተዋህበቶ ዓይነት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝምህር። ንተመሃራይ ይሃንጽ'ዩ ዝበሎ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ሰሪው ክምህር ኣለዎ። ቀለማዊ ፍልጠት ብሞራላዊ ፍልጠት እንተዘይተደጊፉ ንበይኑ እቲ ዝድለ ውጽኢት ክህብ ኣይክእልን እዩ። ከም ሕብረተሰብ፡ ሓላፍነት ዝስምዖ ዜጋ ብምፍራይ እምበር ብፍልጠት ዝተጠርነፀ ዜጋ ብምፍራይ እንረኽቦ መኽሰብ ከዕግበና ኣይክእልን'ዩ። ነቶም ፍልጠት ነስንቖም ተመሃሮና ሓላፍነታውን፡ ስሩዓት፡ ሞራላዊ ክብሪ ዘለዎም ንኽኾኑ ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣብ ሕዝሊ መምህር ዝርከብ ሓላፍነት'ዩ። እዚ ሓላፍነት'ዚ ኣብ መደብ ስራሕካ ብኣመሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ስነ ምምህርና ተቖጻጻሪ ዘይክወሃበካ ይኽእል'ዩ። ኣብቲ መምህር ዝብል ማዕርግ ተጠቓሊሉ ከም ዝተዋህበ ግን ነፍሲ ወከፍ መምህር ክዝንግዖ የብልናን።

መንእሰያት ኤርትራ ብትምህርቲ ንምህናጾም ክሳብ ሕጂ ተሳሊጡ ዘሎ ስራሕ መስካሪ ዝደሊ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ትምህርቲ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ንዕብየት፡ ሓድነትን፡ ሃገራውነት፡ ስኒት፡ ባህላዊ ኩርዓት፡ ዘመናውነት ወዘተ ኣብ ምስራጽ ዝግበር ኣኽሳቢ ወፍሪ'ዩ። ኣብያተ ትምህርትና፡ ሰድራቤትን ሃገርን ከም ዘለዎ ዝርዳእን 'ኣብ ካሕሳኦም የውዕለኒ' ዝብል ተመሃራይ በቲ ዝድለ ቁጽሪ ከፍርያ ምስ በቕዓ ኩሉ'ቲ ሃረር እንብሎ ደበኽ ከም ዝብል ዝጠራጠር ወገን ክህሉ የብሉን። ጽሕፍቶና ከም ህዝብን ሃገርን ሎሚ ብመገዲ መምህራን ኣቢልና ኣብቶም ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ዝመሃሩ ዘለዉ ተመሃሮ ንጽሕፎ ኣሎና። መምህር እቲ ብመደምሰስ ዝድምሰስ ኣብ ሰሌዳ ዝጽሕፎ ጽሕፈት ጥራይ ኣይኮነን ዝጽሕፍ። ሓንሳብ ምስ ተወቒረ ዘይድምሰስ ጽሕፈት ኣብ ሰሌዳ ሂወት ተመሃሮ ይጽሕፍ ምህላዉ ክዝንግዕ የብሉን። ስለዚ እምበር ቅድሚ ናብ ክላስ ምእታውና፡ እንታይ እየ ክምህር? እንታይ'ከ ክጽሕፍ እየ ኢልና ንነብስና ወትሩ ክንሓታ ኣሎና።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ኣብርሃም ሊንከን ወዱ ትምህርቲ ምስ ጀመረ ናብ መምህር ወዱ ደብዳቤ ሰዲዱ ይበሃል። እታ ደብዳቤ ኮብድቲ ምሕጽንታታት ዝጸረት ነበረት። ገለ ካብ ትሕዝቶኣ "እንተኽኢልካ እታ ባዕሉ ዘምጽኣ 10 ሳንቲም ካብታ ዝረኸባ ሓንቲ ዶላር ኣጸቢቓ ከም ትኸብር ምሃሮ። ኣብ ትምህርቲ ካብ ቀዲሕካ ክትሓልፍ ክትወድቕ ይምዕርግ። ክወድቕ እንከሎ ብጸጋ ክቕበሎ፡ ክዕወት እንከሎ ከኣ ክጽንብሎ ምሃሮ" ዝብል መልእኽቲ ነበሮ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ዝተቐበለ መምህር ካብቲ ዝምህሮ ዓይነት ትምህርቲ ንላዕሊ ዝዓብን ዘገድስን ምህሮ ናይ ምምሃር ሓላፍነት ከም ዘለዎ ክስቀሮ ግድን'ዩ። ሓደ መምህር ከኣ ንተመሃራይ ውን እቲ ቀለማዊ ምህሮ ብምሃብ ጥራይ ክጠቕሞን ክሃንጾን ከም ዘይክእል በሪህሉ ይኸውን። ንተመሃራይ እቲ ዝድልዮ ጥራይ ብምሃብ ክንጠቕሞን ክንሃንጾን ኣይከኣልን'ዩ። ማዕረ-ማዕረኡ ነቲ ኣብ ተመሃሮ እንዕዘቦ ጥቕሚ ዘይብሉን ኣዕናውን ባህርያት ኣብ ምልጋስ ኣተኩርና ክንሰርሕ ይግባእ። ንሓንቲ ገረብ ማይን ድኹዕን እናሃብና ጥራይ ፈራይት ኣይንገብራን ኢና። ነቲ ዘየድሊ ጨንፈራት ክንቅምቅሞ ወይ ክንጽልጽሎ እንተዘይክኢልና ካብ ተኽልና እቲ ዝድለ ፍረ ወይ ጽባቐ ኣይንጽበን ኢና። ስለዚ ሓደ መምህር እቲ ንተመሃሮ ዘድሊ ብዘይብቂ ክህብ፡ ንዝርእዮ ዘየድሊ ባህርያት ከኣ ምልጋስ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ሓላፍነቱ'ዩ።

ትምህርቲ ብቐንዱ ምኹስኳስ'ዩ። ኣብዚ መስርሕ ምኹስኳስ'ዚ መምህር ቀንዲ ተዋሳኣይ'ኳ እንተኾነ ንበይኑ ክዓዮ ክግደፍ ግን የብሉን። ተመሃሮ ምስ መምህርን ኣብ ቤት ትምህርትን ዝሕልፎ ግዜ እቲ ዝወሓደ ምኽኑ ክንዝክር ኣሎና። ሰድራቤት ልዕሊ ዝኾነ ኣካል ኣብ ልዕሊ ደቃ ስልጣን ዘለዋ ምኽና ክትፈልጥ ኣለዋ። ሰድራቤት እታ ቀዳመይቲ መምህርን ቤት ትምህርትን ስለ ዝኾነት ሰድራቤታት ብዛዕባ ብቐጥታን ብዝተዘዋዋርን ንደቀን ዝህብኦ ትምህርቲ ዕቱብ ገምጋም ክገብራ ኣለወን። መምህርን ቤት ትምህርትን ኣብቲ ዝተዋህቦም ዓይነት ተመሃራይ እዮም ዝሰርሑ። ኣብ ቤቱ ስነ ስርዓት ዘይተማህረ ተመሃራይ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ስሩዕ ተመሃራይ ክኸውን ትጽበዮ ኣይኮነን። ስነ ስርዓት መሰረት ኣካዳምያዊ ዕብየት ወይ ብልጸት ስለ ዝኾነ ወለዲ ነዚ መሰረት'ዚ ኣብ ምንጻፍ ከይተሓለሉን ዓቢ ግምት ሂቦምን ክዓይሉ ኣለዎም።

ሓርበኛ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ 1940ታት ንመንእሰያት ዘበናዎም ዝጠቅም ብዛዕባ ትምህርትን ስነ ስርዓትን ኣስፊሖም ዝጸሓፍዎ ምሁራዊ ሓድጊ ተሰኒዱ ኣሎ። "ትምህርቲ ወይስ ስነ ስርዓት ወይ ከኣ ጽቡቕ ኣተዓባብያ" ኢሎም ኣቦይ ወልደኣብ "እቲ ንሓደ ሰብ ኣብ ፍጹም ምኳን ምእንቲ ክበጽሕ ክሕግዞ ዝኽእል ምርኩስ ማለት እዩ" ኢሎም ገለጽዎ። ብሉጻት ሓሰብቲ፡ ጀጋኑ ወተሃደራት፡ ትጉሃት ሰራሕተኛታት፡ ቅኑዓት መራሕቲ፡ ሕያዎት ሓካይም፡ እሙናት ዜጋታት ወዘተ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እዮም ዝዳለዉ።

ብልጸት፡ ትግሃት፡ ሕያውነት፡ ቅንዕና፡ ህርኩትና ወዘተ ዝኣመሰሉ መለለዪታት ኣብዞም ሕጂ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ዝምሃሩ ዘለዉ ተመሃሮ ብኸመይ ነስርጾም ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍ መምህር ክትቃጭል ኣለዋ። ከምቲ ምንባብ፡ ምጽሓፍ፡ ምቑጻር፡ ምምርማር ንኽኽእሉ እንገብሮ ጻዕሪ ተሃረፍቲ ባህርያት ንኸማዕብሉ እንታይ ጻዕሪ ነካይድ? ብሉጽ ፍልጠት ምስ ብሉጽ ባህርያት ክድመር ምስ ከኣለ'ዩ ፍረኡ ዝበዝሕን ሃናጺ ዝኸውንን። ኣብ መወዳእታ፡ መምህራንን ኣመሓደርቲ ትምህርትን ክትመያየጥሉን ሓሳብኩም ከተቕርብሉን ነታ 'መምህር እንታይ እዩ ዝምህር?' እትብል መንቀሊ ናይዚ ጽሑፍ ደጊመ ብምቕራብ ጽሑፈይ መደምደምታ ገይረሉ ኣለኹ።

***



## ሓሳባት

# ውጽኢታዊ ተመሃራይ ዲኻ?

ጀሚል ስዒድ

ተመሃሮ ዝምችኦም ሜላ ኣጸናንዓ ንምልላይ፡ ምስዓብን ምርካብ ሓደ ካብቲ ዝብድሆም ሕቶ'ዩ። ዝምችኣካ ሜላ ኣጸናንዓ ምፍላጥ ኣብ ንጥፈታት ትምህርትኻ ውጽኢታዊ ክትከውን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ተመሃሮ፡ እቲ ዝምእምኦም ሜላ ኣጸናንዓ፡ በበይኑ ኣገባባት ብብዝሒ ብምፍታን ክረኽቡዎ ይኽእሉ። ገለ'ውን ናይ ካልኦት ዕውታት ተመሃሮ ወይ ኣብ ተምህርቲ ጸለውቶም ሰብ ዝጥቀምምሉ ሜላ ብምርኣይ ናብኦም ብምርዓም ይመቻችኡዎ ወይ ይምችኦም። ሜላ ኣጸናንዕኻ ምስ ኵሉ ኵነታትካ ብምዝማድ ክልለ ይከኣል። ልሉይን ምቹእን ሜላ ኣጸናንዓ ሓደን ኵሉ ተመሃራይ ክጥቀመሉ ዝኽልን'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ንነፍሲወከፍ ተመሃራይ ዝምእምኦ ሜላ ኣጸናንዓ ክህሉዎ ይኽእል። ብተዛማዲ ኣብ ብዙሓት ብተመሳሳሊ ክገልግል'ውን ይኽእል።

ኣብ መጽናዕቲኹም ውጽኢታውያን ክንትኩኑ ትደልዩዶ? ክሳዕ ክንዲ ምንታይ ውጽኢታውያን ምኳንኩምከ ትፈልጡዶ? ኣብ መጽናዕትኹም ወይ ኣብ ትምህርትኹም ውጽኢታውያን ክትኮኑን፡ ክሳብ ክንደይ ውጽኢታውያን ምኳንኩም ክትፈልጡ ምንዮትና'ዩ። እዞም ዝሰዕቡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሕቶታት፡ ኣብ ትምህርትኹም ብዘለኩም ኣተሓሕዛ ክሳዕ ክንደይ ውጽኢታውያን ምኳንኩም ከፈትሸኩም ይኽእል'ዩ። ብኻልእ መልክዑ'ውን መዘኻኸርን እንጾታትን'ውን ክኾነኩም ይኽእል። ነዞም ዓሰርተው ኣርባዕተ ሕቶታት "እወ" ወይ "ኣፍይፋል" ብምባል ድሕሪ ምምላስኩም በቲ ኣብ ታሕቲ ዝቐርብ ውጽኢት ነብስኹም ገምግሙ። መልስኹምን ገምጋምኩምን ቅኑዕን ግሉጽን ምእንታን ክኸውን ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መምዘኒ ኣቐዲምኩም ኣይተንብቡ።

1. መደብ ትገብርዶ? ንዕዮ ገዛኻ ኣቐዲምካ ኣብ መሕሰቢ ብምስራሕ፡ ኣረጋጊጽካ ናብ ናይ ዕዮ ወረቐትካ ብጽፉፍዶ ተሰግሮ?

2. ፈተና ኣብ ዘይብሉ ግዜ ብወለንታኻ ንሓደ ዓይነት ትምህርቲ ደጊምካ ተንብቦ ወይ "ሪቫይዝ" ትገብሮዶ?

3. ናይ ሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ ጸገም እንተ ኣለካ፡ ንመምህርካ ሓገዝ ሓቲትካ ጸገምካ ክትፈትሕ ምፈተንካዶ?

4. ንዝተዋህበካ ዕዮ ገዛ ኰነ ፕሮጀክት ካብቲ ከተረክበሉ እተሓበረካ ግዜ ኣቐዲምካ ትውድእዶ?

5. ኣብ ገዛኻ ኰነ ካብ ገዛኻ ወጻኢ፡ ከይተረበሽካ ቀጻሊ እተጽንዓሉ ቦታ ኣሎካዶ?

6. መምህርካ ኰነ ካልኦት ሓገዝትኻ፡ ኣብ ዕዮኻ ዝህቡኻ ሓበሬታን ሓሳባትን ብዝተኻእለካ መጠን ክትጥቀመሉ ትፍትንዶ?

7. ኣብ ከም ናይ ሳይነስ ዓይነት ትምህርቲ ዝገጥሙኻ ሓደስቲ ቃላት (ተርሚኖሎጂ) ንበይኖም ተሰፍረሉ ኖት ኣሎካዶ?

8. ከም ቤት ንባብ፡ ኢንተርነትን ካልኦት ንምስትምሃር ሓገዝቲ ዝኾኑ ኣገባብትን ምስቲ እትመሃሮ ዘለኻ ምዕራፋት እና'ሳነኻ ትጥቀም ዲኻ?

9. ናይ መጽናዕቲ ኰነ ናይ ዕዮ ጥራውዝትኻን መጽሓፍካን ብግቡእ ሰሪዕካ፡ እዋናዊ ትሕዞኡ ትከታተሎዶ?

10. ሓደ ምዕራፍ ካብ ዝኾነ ዓይነት ትምህርትኻ እናኣንበብካ፡ ነቲ ቀንዲ ንጥብታት ናይቲ ኣርእስቲ ፈሊኻ ብምውጻእ በይኑ ኖት ትሕዝሉዶ?

11. መዓስን እንታይን ከም እትገብር ዝሓዘ መደብ ጽሒፍካ ተዳሉዱ?

12. ዘጸናዕካዮ ደጊምካ ከተንብቦ (ሪቫይዝ ክትገብሮ) እንከለኻ፡ ንኽትዝክሮ ዝሕግዝ ኣጋባባት እተመሓይሸሉ መገዲ ትፈልጥዶ?

13. ንፈተናታት ኣቐዲምካ ናትካ ፍሉይ መደብ ተውጽኣሉዶ?

14. መጽናዕትኻ ምስ ወዳእካ ኵሉ ናይ ትምህርቲ ነገራት እትርስዓሉ ህሞት ኣሎዶ?

***

"እወ" - እንተወሓደ ንዓሰርተ ሕቶታት

ካብዞም ኣቐዲምካ ዘንበብካዮም ዓሰርተ ሕቶታት እንተወሓደ ንዓሰርተ ካብኦም "እወ" ዝብል መልሲ እንተ ኣለካ ኰይኑ፡ ውጽኢታዊ ኣገባብ ኣጸናንዓ ኣብ ምጥቃም ጽቡቕ ትስጉም ኣለኻ። ነዚ መፈተኒ ሕቶታት ደጋጊምካ ብምፍታን ነቲ ዘለካ ሕጽረታት ክትፈልጦን ከተወግዶን ክሕዝግ ይኽእል።

"እወ" - ንትሕቲ ዓሰርተ ሕቶታት

ካብቶም ዝቐረቡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሕቶታት ትሕቲ ዓሰርተ ግዜ ጥራይ "እወ" ዝብል መልሲ እንተ ሂብካ፡ ነዚ በዞም ዓሰርተው ኣርባዕተ ነጥብታት ኣቢሉ ተላዒሉ ዘሎ እንጾታት ተገዲስካ ኣንብቦ። ከም ምኽሪ ሓሲብካ ክትጥቀመሉ እንተ ኽኢልካ ናብ ዝሓሸ ውጽኢታውነት ከሰጋግረካ ይኽእል እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሓጎሳ ዑቕባሚካኤል ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሃብተ ተስፋስላሴ ዘቢብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰላም ከሰተ ዘርኣይ፡ ተኸሳሲ ቶማስ ዓንዳይ ሓድጉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ደሃብ ተኽለገርግሽ ዑቕባጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ሌ/ኮ ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር ተ/ገርግሽ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ገብረእንድርኣስ፡ ኣቦይ ካሕሳይ ገብረእንድርኣስ ክፍለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ ሓብተይ 2 መውትቲ ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ወልደብሩኽ ሓገሶ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ እምባዬ ሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሄለን ብርሃነ ኣብዩ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ጺጋይ ተድላ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ የሴፍ ገብረስላሴ ገሉ፡ ወለደና ገብረስላሴ ገለ ወልዱን ኣለም ንኣምን ካሊብን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 1ጓል ሓወይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወይኒ መንግስ ቀለተ፡ ብዓል ቤተይ ገቤሰ ወልደሃይማኖት ማና ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ይሕደጋ ተኽለ ሃይሉ፡ ጓለይ እቴነሽ ኣብርሃ ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ከምኡ'ውን 4 ደቀይ ንኣቦኦም ተኪኦም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና= ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሄሩት የማነ ሃብተኣብ፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ግርማጼን ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ስለማዊት ሓደራ፡ ሓፍተይ የዲት ሓደራ ፍራንሶዋ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቂ መውትቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኣሰፋው ሃይሉ፡ ኣቦና ኣሰፋው ሃይለ ተስፋይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተየሱስ ነጋሲ ተኽሉብርሃን፡ ሓወይ ተስፋማርያም ነጋሲ ተኽሉብርሃን ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ግርማይ ኣርኣያ ብርሃ፡ ወለድና ቀኛ/ ኣርኣያ ብርሃንን ማርታ ሰለሙንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ብተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንገ ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣለምጸሃይ ተኽለ ኣብርሃን ተጸዋዒ ኣቶ ሰራክ ተኽለ ኣብርሃን ዘሎ ናይ ጥፋእ መዝገብ፡ ተጸዋዒ 17 ዓመታት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፋእ መረጋገጺ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ የማነ ኣሮን ዕቑቡ ወለድና ኣሮን ዕቑቡን ጸጋት ገብረኪዳን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሰመያዊት ኣሰፋው ሃብተስላሴ፡ ኣቦይ ኣሰፋው ሃብተስላሴ ዑቕባሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

መቕሰን ማሓሪ ማሪቆስ ምባል ተረፉ፡ ቢንያም ማሓሪ ማሪቆስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ንግስቲ ሓጎስ በርሀ፡ ኣደይ ብዘወት ከሳ ብወሁብቶ ገደራ ዝለበትኒ ኣብ ማይ ዓይኒ ዝርከብ ቁጽሪ ንግዲ ፍቓድDEL00000571 ቁ/መዝገብ DER00000360 ዝተመዝገበ ሆቴል ምስ ንብረቱ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወረ/ፍ ገብረሂወት ደቦሳይ፡ ወ/ሮ ቅዱሳን ገብርሂወት፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣበባ ኪዳኑ፡ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ኣሰፍሃ ሰኢሉ፡ ብዓል ቤተይ ነጋሲ ተስፋሚካኤል ትንሳኤ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ቀሺ ተስፉ፡ ተኸሳሲ ክብሮም ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ፍርቱና የውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጃዕፊር መብራህቶም በላይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ሚካኤል፡ ሓፍተይ ኣልጋሽ ሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ


ኣቶ ሃይለ ኣላዩ፡ ስም ኣደይ ጸገይ ንርኣዮ ንገሰ ምባል ተረፉ፡ ጸገወይኒ ንርኣዮ ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሕርይቲ ተኽለ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ሞገስ ሰለሙን ተኪኤ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰልይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሻማ ክፍለ ጉበሩ ምባል ተረፉ፡ ሻሞት ክፍለ ጉበሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣልጋሽ ሃይለ ከሰተ ምባል ተረፉ፡ ኣልጋሽ ሃይላይ ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



## ምስግና

ብዕረፍቲ፡ ኣዚና እነፍቅሮ ወድናን ሓውናን ኣቦናን ኪዳነ ማስፉን ገብረኪዳን ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጸሎተ ፍትሓት ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ዝተሳተፍኩም፡ ኣብ ኣስመራ ሬሳ ብምቕባል ኣብ መካነ ሓዘሓዘ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎን ካብ ወሽጢ ዓድን ወጻኢን ዘጸናናዕኩምና ምስጋና እናኣቕረብና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዎጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ፡፡

ስድራቤት ኣፍሰዝር ማስፉን ገብረኪዳን

ብስም ተኽለ ኣስመላሽ ኣርኣያ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL 00025517 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.ገዛ 52 ዝርከብ ናብ ቤት ማስተ ትካለይ ንወ/ሮ ትሕሽ ገሰሰው ማሰለ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.ገዛ 53 ካብ ዕለት 20/04/2024 ክሳብ ዕለት 19/04/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጥ፡፡

ተኽለ ኣስመላሽ ኣርኣያ

ወ/ሮ ከድጃ መሓመድዓሊ ኢብራሂም፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ናውቲ ጽሕፈት ንግዳዊ ትካለን "ሽዳ መሸጣ ናውቲ ጽሕፈት" (SHIDA STATIONERY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ፍለጥ፡፡

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቀ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!


# ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

## ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣስቤኮ፡ ጸብለል ኢላ

### ናታንን ሞናሊዛን፡ ዕዉታት ዙር ዞባ ማእከል ኮይኖም

ናይ በረኻን ከተማን መድረኻት ኣጠቓለሉ ክተዩድ ዝቖየ ዙር ዞባ ማእከል 2024፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ብዝተሰላሰለ ሻውዓይ



ዕወት ዙር ዞ/ማእከል - ናታን

መድረኽ ብውድድር ቸርኪቶ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ውድድር፡ ኣብ ኻሲ ወከፍ ምድብ ኣብ መንጎ ጸወታ ነጥቢን ካልኢትን ዘኸስብ ክልተ ቅጽቢታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ተሰሪዑን ነይሩ። 101 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ዓብይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ኢንተርሚደይት ሚልክያስ ማእከለ ካብ ኣስቤኮ፡ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ሜሮን ተኾሙ፡ ኣባል ኣስቤኮ ኑርኣሕመድ ኣብደልወሃብ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ኣብ ካልኣይቲ ከኣ፡ ፊልሞን መብራህቱ ካብ ተሰፋ፡ ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ሳይሞን ሚካኤልን ሮሞዳን ኑርሑሸንን ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዞም። ብተኸታታሊ ከኣ፡ 3፡ 2ን 1ን ነጥቢ ከምኡ'ውን ግዜ (ካልኢት) ወሲዶም።

ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝተገብረ ቅጽቢታዊ ውድድር ከኣ፡ ኑርኣሕመድ፡ ንተቐዳዳማይ ሰምበል ፋኑኤል ሓይለኣብን ሚልክያስ ማእከልን ረቲዑ፡ ብ2 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 35 ካልኢትን ዕወት እዛ መድረኽ ኮይኑ።

በዚ ከኣ፡ ኑርኣሕመድ፡ ክሳብ ሻዱሻይ መድረኽ ምስ ወዲ ጋንታኡ ሚልክያስ ዘብረት ቀጠልያ ናይ ሸኣ ማልያ ተዓዊቱሉ። ክልተኦም ተቐዳደምቲ ማዕረ 37 ነጥቢ እኳ እንተኣከቡ፡ ብመዓልቲ ኑርኣሕመድ ሐዚዎ ወዲኡ።

ንማልያ ኣንበሳ ዓቕቡ ተቐዳዳማይ ኣስቤኮ ናታን መድሃኔ ብ25 ነጥቢ ወሲኑዋ። ዓወት ኣማን - ደንደን፡ ብ22 ነጥቢ ድሒሩ ወዲኡ። ብዓበኡ ናታን፡ ኣብ ሸውዓተ መድረኽ ንዝተሸፈነ 826.4 ኪሎሜተር ብዝወሓደ ግዜ - ብ21 ሰዓት፡ 5 ደቒቕን 24 ካልኢትን ብምውድኡ፡ ዕወት እዚ ዙር ብምዃኑ ብጫ ማልያ ለቢሱዋ። ተቐዳዳማይ ሰምበል ሄብሮን ብርሃኑ ብ3 ደቒቕን 22 ካልኢትን ካልኣይ ደረጃ ሐዘ።

ብደረጃ ጋንታ፡ ንኹለን ማልያታት


ሰለስተ ተቐዳደምቲ ኣስቤኮ - ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ኑርኣሕመድ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ዝወጹ ሚልክያስን ናታንን

ብዝቐዳደምታ ዝወሰደተን ኣስቤኮ፡ ብ63 ሰዓት፡ 20 ደቒቕን 16 ካልኢትን ጸብለል ኢሉ። ደንደን፡ 19 ካልኢትን 54 ንኡስ ካልኢትን ተፈንቲታ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ።

ደቂ ኣንስትዮ፡ 71.8 ኪሎሜተር ክሰሪዓለን እንከሎ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ኢንተርሚደይት ብርኽቲ ፍስሃየ - ጋሻፍሒ፡ ሰደን ሃብተም - ሰራደር ሳዋ፡ ሮምና ጉዕሽ - ደንደን፡ ኣብ ካልኣይቲ


ዕውትቲ ዙር ዞ/ማእከል 2024 ሞናሊዛ፡ ድሕረኣ ምስ ዝወደኣ ብርኽቲን ሮምናን

ደሚ ሮምና፡ ብርኽቲን ናርዶስ ጴጋይን ካብ ደቡብ 3፡ 2ን 1ን ነጥቢን ካልኢትን ክሰባ።

ኣብ ሰዓት ብጀምጋም 35.7 ኪሎሜተር እናተጓዕዛ ኣብ መዛዘሚ ድሕሪ ምብጻሐን ከኣ፡ ተቐዳዳሚት ክሉብ ደንደን ኢልዳና በርኸት፡ ብ2 ሰዓት፡ 34 ካልኢትን ተዓዊታ። ናርዶስ ጴጋይ፡ ራሄል ዘርእሰናይ - ደንደን፡ ዊንታ የማነ - ዓራግ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ - ደቡብ፡ ስለሆም ንብረሂወት - ሳዋኢት ክለይ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትየን።

ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ ብጫ ማልያ ዳግማይ ዝመለሰታ ሞናሊዛ፡ ብ16 ሰዓት፡ 23 ደቒቕን 16 ካልኢትን ዕውትቲ ዙር 2024 ኮይና። ብርኽቲ፡ 20 ካልኢት ድሒራ ካልኣይቲ ወዲኣ። ብሸሞንተ ነጥቢ ግና፡ ኣንበሳ ዓቕብ ተባዚላ እያ - ብርኽቲ፡ ሞናሊዛ ሓምሻይ ነጥቢ


ዕውትቲ ጋንታ ደቡብ

ኣኪባ ተኸቲላ።

ኣብ ናይ ሸኣ ውድድር፡ 50 ነጥቢ ዝኣከበት ሮምና፡ ዕውትቲ ቀጠልያ ማልያ ኮይና። ቅድሚ ወሰናት ሳምንቲ ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ማእከሎት (ጁኒየር) ኣፍሪቃ ዝኾነት ናርዶስ፡ 44 ነጥቢ ኣኪባ ተኸቲላታ። እዘን ተቐዳደምቲ፡ ኣብዞም መድረኻት 521.6 ኪሎሜተር ሸፊነን።

ብጋንታ ብ49 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 23 ንኡስ ካልኢትን ጋንታ ደቡብ ተዓዊታ። ደንደን 39 ካልኢት ተፈንቲታ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ።

ኣብ ሳልሰይቲን መዛዘሚትን መድረኽ 71.8 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ማእከሎት (ጁኒየር) ተቐዳደምቲ'ውን ብዓብላሊነት ኣስቤኮ ተዛዚሙ። ኑቲ መድረኽ የሴፍ ኣለም - ኣስቤኮ ብ1 ሰዓት፡ 35 ደቒቕን 24 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ናህም ኤፍሬም - ኤሪትል፡ እሰይ ዘካርያስ - ደንደን ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

የሴፍ፡ ብ32 ነጥቢ ዕወት ቀጠልያ ማልያ ክኸውን እንከሎ፡ ናህም ብ10 ነጥቢ ድሒሩ ካልኣይ ተሰሪዑ። ይኹን'ምበር፡ ናህም ብ3 ሰዓት፡ 38 ደቒቕን 29 ካልኢትን ዕወት እዚ ዙር ብምዃን ብጫ ማልያ ለቢሱ እዩ። የሴፍ፡ 10 ካልኢት ተፈንቲቱ ድሕሪኡ ወዲኡ።

ኣስቤኮ ከኣ፡ ብ10 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 13 ካልኢትን ንናይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታትሉ። 11 ካልኢት ዝደሓረት ደንደን ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ወዲኣ።

## ቢንያም፡ ፍሉይ ሽልማት ተዋሂቡ

ኣሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ሰንበት ምሸት፡ ኣብ ጸምበል ወርቃዊ እዮቤልዩ ምስረታ ጋንታኡ ኢንተርማርሽ፡ ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ 2024 ብምዃኑ፡ ካብ ትካል ስኮዳ ሽልማት ተቐቢሉ።







ካብ እትምስረት 50 ዓመታት ኣቑጺራ ዘላ ቤልጁየማዊት ክሉብ ኢንተርማርሽ፡ ኣብዚ ናይ ፍርቂ ዘመን ጉዕዞኣ፡ እቲ ዝበለጸ ዓወታት ዝጨበጠትሉ ዓመት 2024 እዩ፣ ብመገዲ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ።

ቢንያም፡ ኣብዛ ዓመት'ዚኣ ሰለስተ መድረኻት ዙር ፈረንሳ ብምዕዋቱ፡ ብዓበኡ ከኣ ዕወት ቀጠልያ ማልያ ናይ'ዚ ዝዓበየ ውድድር ብምዃኑ፡ ኣብ ታሪኻ ሓዲሽ ምዕራፍ ክየገንጽል ክኢሉ እዩ። በዚ ከኣ፡ ኣብ'ቲ ቀጠልያ ሰፍ ብምልባስ ማዕረግ ዝምስየሉ ጽብምል፡ ፍሉይ ሽልማትን መተባብዒን ከምእተዋህቦ ይገልጽ።

ቢንያም፡ ናይ ፊልማ ጸለም ኣፍሪቃዊ ዕወት መድረኽ ከምኡ'ውን ናይ ፊልማ ኣፍሪቃዊ ዕወት ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ምዃኑ'ውን ይፍለጥ።

## ዕጫ ኮዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ወዲቑ

ናይ ዓመት ውድድር 2024-25 ዕጫ ኮዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳም ከምዝወደቐ፡ ካብቲ ፌደረሽን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረድኡ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ብዚይካ 10 ናይ ደቂ ተባዕትዮን ሸሞንተ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ዝሓዘ ናይ ሻምፕዮን ውድድር፡ ናይ ክልተኡ ጾታ ዘዋሪት ዋንጫን ዋንጫ ናጽነትን እውን ተሰሪዑ ኣሎ።

ሻምፕዮን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዝመጽእ ሰንበት 3 ሕዳር ክጅመር መደብ ክተሓዘሉ እንከሎ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሓንቲ ጋንታ ዝተወሰኸቶ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ከኣ፡ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ክልተ ግጥማት ምስ ኣካየዳ ድሕሪ ክልተ ሳምንቲ ክጅምር እዩ። እዚ ውድድር፡ 15 ሰነ 2025 ክዛዘም መደብ ወጺእዎ ኣሎ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ካልኣይ ዲቪዥን 18 ጋንታታት ምስ ቀዳማይ ድቪዥን ተሓዊሰን ዘካይደኦ ናይ ዘዋሪት ዋንጫን ዋንጫ ናጽነትን ውድድር ድማ፡ ኣብ መንጎ መንጎ ናይ'ቲ ካልእ ውድድር ክካየድ እዩ። እዚ 28 ጋንታታት ዝሓዘ ናይ ሓደ እግሪ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ውድድር፡ ዘዋሪት ዋንጫ 16 ለካቲት፡ ዋንጫ ናጽነት ከኣ፡ 11 ግንቦት 2025 ክውዳእ ተመዲቡ ደርኩቡ። ዋንጫ ሰማእታት ግና፡ ካልኣይ ዲቪዥን በይናዶም ክጻወትዎ እዮም።

ብዚይካ'ዚ፡ ኣብ ኩሉ ምድባት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸ ገንዘባዊ ሽልማት ተዳልዩ ምህላዉ ተገሊጹ።

**መደብ ጸወታ - ሎሚ**

ሰሪ'ኣኤሲ. ሚላን - ናፖሊ. 10፡45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ‘ንፋብሪካ ኣጽዋር ጀርመን ከዕንዎ እየ’ ትብል

ፌደረሽን ሩስያ፡ ጀርመን ኣብ ዩክሬን ተኸለዮ ንእትብሎ ዘላ ሓድሽ ፋብሪካ መፍረ ኣጽዋር ብዘማላእ ክትድኅብድቦ ምኳና፡ ናይ ቀደም ፕረዚደንት ናይ’ታ ሃገር ድሚትሪ መድቨደቭ ኣጠንቂቑ።

እቲ መራሒ ሃገር ነበር ኣብ መጠንቀቕታ’ዚ፡ ዝሓለፈ ‘ራይንሜታል’ ዝተባህለ ኣብ መፍረ ኣጽዋር ዝሰርሕ ዓርሞሸሽ ወተሃደራዊ ኩባንያ ጀርመን፡ ኣብ ዩክሬን ዝተኸሎ ፋብሪካ ኣጽዋር ድሮ ስርሑ ከምዝጀመረ ዝሓለፈ ቀዳም ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

እቲ ኩባንያ ዝገልጾ ዘሎ፡ ብመንግስቲ ዩክሬን ምስ ዝውሃብ ኩባንያ ኡክርቦሮንፕሮም ኩይኑ ብምሕባር ከቢድ ብረት፡ ድሩዓት ተሽከርከርቲ መከላኸሊ-ኣየርን ዘፍሪ ፋብሪካ ኣብታ ሃገር ንምትካል ዘኽእሎ ውዕል ኣብ



ፈለማ ናይዚ ዓመት’ዚ ድሕሪ ምጽፋፉ እዩ።

ከም ኣካል ናይቲ ምስ ኩባንያ ኡክርቦሮንፕሮም ዝኣተዎ ውዕል ከኣ፡ ኣብ መሬት ዩክሬን ክተኽሎም ካብ ዝወጠኖም ኣርባዕተ ፋብሪካታት መፍረ ኣጽዋር - እቲ ሓደ ድሮ ስርሑ ከምዝጀመረ ኣፍሊጡ።

እዚ ዓመት’ዚ ቀደም ምዝዛሙ፡ ኣብቲ ፋብሪካ ዝፈረያ ከቢድ ብረት ዝተገጥመለን ድሩዓት ተሽከርከርቲ ኣብ ኢድ ሰራዊት ዩክሬን ክበጽሓ ምኳነን’ውን ዳይረክተር ናይቲ ኩባንያ - ኣርሚን ፓፐርጀር ሓቢሩ።

ኑ ዜና ዝተኸታተለ ምክትል ኣቦ መንበር ቤት-ምኽሪ ጸጥታ ሩስያ - ድሚትሪ መድቨደቭ ድማ፡ “ጀርመን ኣብ ዩክሬን ፋብሪካ ኣጽዋር ተኺላ ኣላ። ከምቲ ኣቐዲምና ቃል ዝኣተናዮ፡ ሰራዊት ሩስያ ነቲ ፋብሪካ ከም ሕጋዊ ወተሃደራዊ ዒላማ ብምቑጻር ወቒዑ ከሎዎ እዩ” ክብል ኣገዚቡ።

ኩባንያ ራይንሜታል፡ ‘ሊዮፓርድ’ ዝበሃላ ዘመናውያን ታንክታት ዘጠቓልል ዝተፈላለየ ዓይነት ኣጽዋር ከምዝፍሪ ይንገረሉ።

## ብሪጣንያ፡ ኣብ ጉዳይ ካሕሳ ‘ንግዲ ጊላነት’ ካብ ምዝታይ ትሕንግድ

ብሪጣንያ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ በደል ዝተበጽሓተለን ሃገራት ንምኽሓስ ክትዛተ ዝቐረበላ ሕቶ ነጺጋ።

ኣብ ሳሞዋ ተጋቢአን ዝቐነያ ብ‘ሓባራዊ ሃብቲ’ ዝፍለጣ ልዕሊ 50 ሃገራት፡ ብሪጣንያ ቀደም ኣብ ልዕሊአን ናይ ዘፈደቶ ኣሰቃቒ ንግዲ ጊላነት ካሕሳ ክትከፍለሉ ዝጠልብ ኣጀንዳ ናብ መኣዲ-ዘተ’ኳ እንተ ኣቕረባ፡ ብሪጣንያ ግን ነቲ መኣዲ-ዘተ ከምእተሓሰመቶ’ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ኣብቲ ዋዕላ ዝተረኽበ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ እቲ ኣጀንዳ ከይለዓል ዝከኣሎ’ኳ እንተ ጸዓረ፡ መራሕቲ ናይ’ተን ካልኦት ሃገራት ግን ነቲ ጉዳይ “ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት’ዩ” ብምባል ኣብ ጠረጴዛ ንክይናም ከምእተዘራረብሉ ተፈሊጡ።

ካብ 15 ክሳብ 19 ክፍለዘመን ኣብ ዝቐጸለ ልዕሊ 300 ዓመታት፡ ብውሕዱ 12.5 ሚልዮን ኣፍሪቃውያን ብኣስገዳድን ብጭካነን ኣብ መራኽብ ኤውሮጳ ተጻዒኖም ናብ ኣመሪካ ብምስጋር፡ ‘ጊላ’ ተባሂሎም ከምእተሸጡ እየም ሰነዳት ዝሕብሩ።


እታ ኣብዚ ንግዲ’ዚ ዝዓበየ ኢድ ዝነበራ ሃገር ድማ ብሪጣንያ ከምዝነበረት፡ እዮም ሰነዳት ወሲኾም ይጠቕሱ።

ኩይኑ ግና፡ ብሪጣንያ ኣይኮነንዶ ነተን ተበደልቲ ሃገራት ንምኽሓስ ክትሰማማዕ ንዝፈጸሞ ታሪኻዊ በደላት ኣፍልጦ ሂባ ወግዓዊ ይቕረታ ክትሓተሉ’ውን ኣይከኣለትን ዘላ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ‘Brattle Group’ ዝተባህለ - ንኮርፖረሽናትን ትካላትን መንግስቲን ኣብ ጉዳይ ቁጠባ ዝማኽር ትካል ኣብ ዘዘርግሖ መጽናዕታዊ ጸብጻብ፡ ኣብቲ እዋን ግዳይ ንግዲ ጊላነት ዝኾና 14 ሃገራት ካሪብያን፡ ንብሪጣንያ ልዕሊ 24 ትሪልዮን ዶላር ካሕሳ ከምዝእውዳኣ ኣፍሊጡ ነይሩ።

ኣብ ፈለማ ናይዚ ወርሒ’ዚ እውን፡ ‘ዘ ደይሊ መይል’ ዝተባህለት ኣብ ብሪጣንያ እትሕተም ጋዜጣ ኣብ ዘዘርግሐቶ ሓበሬታ፡ ሃገራት ካሪብያን ኣምሳያ ናይቲ ቀደም ዝበጽሐን በደላት 261 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ዝጠልብ ናይ ሓባር እማመ ሒዘን ናብቲ ዋዕላ ክቐርባ ምኳነን ጸብጺባ ነይራ።

ኣባላት ‘ሓባራዊ ሃብቲ’ ዝኾና ሃገራት 56 ኮይነን፡ መብዝሕትአን ቀደም ግዝኣት ንግስቲ ብሪጣንያ ዝነበራ እየን - ብመሰረት ጸብጻባት።



## ሊትዌንያ፡ ኣንቶንዮ ጉተረዝ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ትሓትት

ሊትዌንያ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶኒዮ ጉተረዝ፡ ካብ ስልጣኑ ብኡ-ንብኡ ክወርድ ጸዊዓ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ‘ረሻ ቱደይ’፡ እታ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳን ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን ዝኾነት ንእሽቶ ሃገር ነዚ ጻውዒት’ዚ ዘቕረበትሉ ምኽንያት፡ ኣንቶንዮ ጉተረዝ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ካዛን - ሩስያ ኣብ ዝተኻየደ ዓመታዊ ዋዕላ ሃገራት ‘ብሪክስ’ ብምስታፉ እዩ።



“ጉተረዝ ዝሓለፈ ክረምቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝተኻየደ ኣህጉራዊ ዋዕላ ሰላም ዩክሬን ተሓሲሙ፡ ኣብ ሩስያ ክካየድ ንዝቐጸ ኣህጉራዊ ዋዕላ ብሪክስ ግን ተሳቲፉዎ። እዚ ከኣ ንመትከላት ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር ወጹእ ኣድልዎ እዩ” ዝበለት ቀዳመይቲ ሚኒስተር’ታ ሃገር ኢንግሪዳ ሲሞናይት፡ እቲ ዋና ጸሓፊ ዝበሮ ተኣማንነት ስለዝጠፍኦ፡ ቦታኡ ብኻልእ ሰብ ክትካእ ሓቲታ።

ጉተረዝ ኣብ ስልጣኑ እንተ ቐጺሉ ግና፡ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ዝሎ ጉዳይ ኣብ ምፍታሕ እሙን መንጎኛ ኩይኑ ክዋሳእ ተቐባልነት ከምዝይህልዎ ኣፍሊጣ።

ዩክሬን እውን እቲ ዋና ጸሓፊ ኣብ ኬቭ ዑደት ክፍጽም ዝቐረባ ሕቶ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ከምዝነጸገቶ ተሓቢሩ።

ኑቲ ዜና ዝተኸታተሉ ሓያል ተንተንቲ ፖለቲካ ግና፡ ሃገራት ምዕራብ ንስታፌ ኣንቶኒዮ ጉተረዝ ኣብቲ ካብ 36 ሃገራት ዝተወከሉ ላዕለዎት ልኡኻት ዝተረኽቡሉ ዋዕላ ምስ ሓጥያት ምቑጻረን ዘይምም ምኳኑ’የም ዝገልጹ ዘለዉ።

ተቓውሞ ሊትዌንያን ዩክሬንን ንኣንቶኒዮ ጉተረዝ ዋዕላ ብሪክስ ኣብ ሩስያ ምኻዱ ዝገራት ምዕራብ ክሳብ ክንደይ ተርባጽ ፈጢሩለን ከምዝሎ ዘመልክት ጭብጥ ኣብነት ምኳኑ ድማ፡ እየም ተንተንቲ ወሲኾም የመልክቱ።

## ኢራን ንእስራኤል ኣጠንቂቃ

ኢራን፡ ነቲ እስራኤል ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ምላሽ ንምሃብ፡ ኩሉ ኣማራጺታት ክትጥቀም ምኳና ኣጠንቂቃ።



ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ’ታ ሃገር ትማሊ ሰኑይ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ኢራን ኣብ ኢዳ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ወተሃደራዊ ኣማራጺታት ተጠቒማ ነቲ ኣብ እስራኤል ዘሎ ጸየናዊ ስርዓት ዘየወላውልን ኣገራሚን ግብረ-መልሲ ክትህበሉ እያ” ክብል ተዛሪቡ።

ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ’ታ ሃገር ኣያቶላህ ዓሊ ከመንኢ እውን ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘስመዖ መግለጺ፡ “እስራኤል ኣብ ልዕሌና ፈጺማቶ ዘላ መጥቃዕቲ ኣቃሊልካ ወይ ኣዕቢኻ ክርአ ዘኽእል ኣይኮነን” ድሕሪ ምባሉ፡ ኢራን ብእስራኤል ዘይትድፈር ሓያል ሃገር ንምዃና መራሕታ ቀልጢፎም ክወስኑ ከምዝግብኦ ኣገዚቡ።

ዝሓለፈ ቀዳም ወጋሕታ፡ ነፈርቲ ውግእ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ትካላት መፍረ ሚሳይላት ዝርከቦ 20 ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ዒላማታት ኢራን ሰለስተ ማዕበላዊ መጥቃዕቲታት ከምዝፈጸማ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ይገልጽ።

‘ከይኣይኤን’ ዝተባህለ ማዕከን ዜና እስራኤል ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዘዘርግሖ ዜና ድማ፡ ነፈርቲ-ውግእ እስራኤል ቅድሚ ነቲ መጥቃዕቲ ምፍጻመን፡ እስራኤል ንራዳራት ኢራን ሃንደበት ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝገበረቶ፡ በዚ ድማ እተን ነፈርቲ ውግእ ብቐሊሉ ናብ ክሊ-ኣየር ናይ’ታ ሃገር ጥሒሰን ብምእታው ነቲ ደብዳብ ከምዝፈጸማኦ፡ ንምንጪታት ኢራን ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ሓገዝ ራዳር ዝሰኣኑ ኣሃዱታት ጸረ-ነፈርቲ ኢራን ድማ፡ ነቲ ካብ’ተን ነፈርቲ ዝተወንጨፈ ሚሳይላት ኣብ ምምካን ኣድማዒ ተራ ክጻወቱ ከምዘይከኣሉ፡ እቲ ማዕከን ዜና ወሲኹ ኣመልኪቱ።

## “ብ14 ጠያይቲ ተሳሒተ” ኢቮ ሞራለስ

መራሒ ቦሊቭያ ዝነበረ ኢቮ ሞራለስ፡ ብመኪና እናተጓዕዘ እንከሎ መንነቶም ብዘይተፈልጡ ዕጡቓት ፈተነ ቅትለት ከምእተኻየደሉ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ነበር፡ ኣዚ ዘረጋግጽ ቪድዮ ማለት - ኣብ መኪናኡ እንከሎ ብጠያይቲ ክስሓት ዘርኢ ናይ ኣርባዕተ ደቒቕ ተንቀሳቓሲ ስእሊ’ውን ኣብ ፈይስቡክ ዘርጊሑ ኣሎ።

“ክባቢ 14 ጠያይቲ’ዩ ናብ መኪናይ ተተኲሱ - ግን ንዕኻሉ ኣምሊጠ” ዝበለ ኢቮ ሞራለስ፡ መራሒ መኪናኡ ግን ከምእተወግአ ኣፍሊጡ።

ንሱ፡ ኣብ ማእከላይ ክፋል’ታ ሃገር ኣብ እትርከብ ‘ሺናሆታ’ ዝተባህለት ሓውሲ-ከተማ እናተጓዕዘ እንከሎ’ዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዎ።

እዚ ማለት፡ ቅድሚኡ ሓለፎም ካብ ክልተ መካይን ዝወረዱ - ገጾም ብጉልባብ ዝሸፈኑ ኣርባዕተ ዕጡቓት፡ ንመኪናኡ ኣብ ድኅቢያ ኣእትዮማ።



ድሕሪ’ቲ ፍጻመ፡ እቲ ወዲ 65 ዓመት ፖለቲከኛ ንደገፍቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዮም ክቐንጽሉዎ ዝፈተኑ ዕጡቓት፡ በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ብፕረዚደንት ሉዊስ ኣርሰ ዝምራሕ መንግስቲ ከምዝተላእኩ ከሲሱ።

“እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፋሽሽታዊ ሓይሊ፡ ኣብ ፖለቲካ ቦሊቭያ ዳግማይ ክርእየኒ ስለዘይደለየ፡ ቀንጺልቲ ልኢኹ ከጥፍኣኒ ፈቲኑ” ክብል’ውን ገሊጹ።

ነቲ መጥቃዕቲ ዝኹነነ ፕረዚደንት ሉዊስ ኣርሰ ግና፡ እቲ ፍጻመ ብቕልጡፍ ክምርመር ኣዚዙ ኣሎ።

ልዊስ ኣርሰ፡ ቅድሚ ናብ ኮረሻ ስልጣን ምድያቡ፡ ቀንዲ ዓርኪ ኢቮ ሞራለስ ከምዝነበረ’ዩ ዝንገረሉ።

ሞራለስ፡ ነታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር ካብ 2006 ክሳብ 2019 ከምዝመርሓ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 29/10/2024 | ጎደና እምባረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565